# ውሕስነት ኣብ መኪና

ንውሕስነት ናይ ቆልዓኹም ፡ ምስ ዕድሚኡ ዝኸይድ ሰድያ ናይ መኪና ክህሉ ኣገዳሲ እዩ ።
እቲ ሰድያ ልክዕ ከምቲ  መምርሒ ናይ ሰራሕቱ ጌርካ ኣብ መኪና ክእሰር ኣለዎ።

ካብ 1 መጋቢት 2010፡ ሰድያ ናይ መኪና ንቆልዑ ክሳብ 12 ዓመቶም ወይ ክሳብ 150 ሰ፡ ሜተር ግዴታ እዩ

## እቲ ሕጊ እንታይ ይብል



ጉጅለ 0+ ትሕቲ 13 ኪሎ ፡ ዝገይሽ ቆልዓ ኣብ ሰድያ ናይ መኪና ሰለስተ መዕጠቂ ዘለዎ ዝባኑ ንጽርግያ ዝህብ። እዚ ድማ ወይ ብቁልፊ መዕጠቂ ናይ መኪና ወይ ከምዚ ኣብ መኪና ዝኣቱ እግሪ ዘለዎ ዘይጠዋወን ዓይነት [Isofix anti-rotation] ኣብ ነፍሲ ወከፍ እዋን ክንቀሳቀስ ከለና ብቀለሉ ክንጽዕናን ከነውርዳን ይሕግዘና ።



ጉጅለ 1ን 9 ካሳብ 18 ኪሎ ፡ እቲ ቆልዓ ብሓሙሽተ መእሰሪ ብድሕሪ ናይቲ ሰድያ ዝለገበ መእሰሪ ይእሰር  ንቅድሚት  ወይ ንድሕሪት ገጹ ከምቲ ሞዴል ናይ ዝመረጽኩሞ ሰድያ ይርኢ።



ጉጅለ 2-3 ፡ ጉጅለ 2ን 3 15 ክሳብ 36 ኪሎ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ከምዚኦም ዓይነት ፡ መበረኺ ምስ መደገፊ ሕቆን ርእስን። ነቲ ቆልዓን እቲ መበረኺን ብሓሳእ ብመዕጠቂ ይእሰር።

## ገለ ገለ ምክርታት

- ዝከኣል እንተ ኾይኑ ፡ ሰድያ ናይቲ ቆልዓ ብድሕሪት ሰድያ ክትኣስሮ ይምረጽ። ብቅድሚት እንተ ተኣሲሩ ግን ነቲ ኤይር ባግ ከም ዘይሰርሕ ክትግብርዎ ኢኹም
- ብብቅዓቱ ዝተመስከረሉ ኣብ ዕዳግ ዝሸየጥ [ነታ ኣራንቾኒ ትኬት ኣብ ሳይት ኢንተርነት ናይ TCS ተወከሱ ] ንዝበለጸ ምቾትን ምስ ቁመት ናይቲ ቆልዓ ዝሰማማዕን ዓድጉ
- ርእሲ ናይቲ ቆልዓ ነቲ ሰድያ ኮፍ መበሊ ምስ ሓለፎ ጥራይ ካልእ ቀይሩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትጥቀምሉ እዋን ጽቡቅ ተኣሲሩ ከም ዘሎ ቅድም ኣረጋግጹ
- ብከመይ ኣገባብ ንቆልዓ ትኣስርዎ ተጠንቀቁ፡ ዘባል ምኺን፡ ነቲ መዕጥቂ ሸጥ ኣቢልካ ዘይምእሳር ፡ ወይ ኣብ ጣቃ ክሳድ ምእሳር ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ መዕጠቂ ብቁዕ ኣይከውንን !
- ክእሰሩ ከለው ነቲ ጃኬት ናይ በረድ ከፊትኩም እሰርዎም እቲ መዕጠቂ ኣብ ነብሶም ጽቡቅ ጌሩ ክጠብቅ ኣለዎ



## ጽቡቅ ግብረ መልሲ

- ንቆልዓይ ኩሉ ግዜ ኣብ ሰድይኡ ይኣስሮ ፡ ወላ ውን ንሓጺር መንገዲ ፡ ኣብ ኣብራከይ ይኹን ኣብ ኣብራኽ ናይ ማንም ሰብ ጌረ ኣይጉዓዝን
- ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከክልተ ሰዓት ዕረፍቲ ኣድላዪ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ እዋን ሃሩር ክምገብን ፡ ፓምፐር ንክንቅይረሉን ማይ ንክሰትን ፡ ካብቲ ሰድይኡ ንክወጽ ዕድል ይረክብ
- መጋረዲ ጸሓይ ተጠቂሙ፡ ወይ ጨርቂ ኣብ ቤትሮ ናይቲ ማዕጾ ቀርቂረ ካብ ጽሓይ ይከላከለሉ
- ኣብ መኪና ሽጋራ ምትካኽ ንጥዕና ናይ ቆልዓ ሓደገኛ እዩ
- ኣብ ድሕሪት ናይታ መኪና ብላዕሊ ናጻ ክኸውን ኣለዎ ምክንያቱ ፍሬኖ ኣብ እትሕዘሉ እዋን እቲ ኣብኡ ዝተቀመጠ ንብረት ከይወድቆ ምእንቲ

**አገዳሲ**

- ነቶም ዓበይቲ ቆልዑት እቲ ውሑስ ቦታ ኣብ ድሕሪት ምጽዓን እዩ ፡
- ንቆልዓኹም ኣብ መኪና በይኑ ኣይትግደፍዎ
- ነቲ መዕጠቂ ጽቡቕ ምእሳሩ ዘይምእሳሩን ምርግጋጽ
- ገለ ገለ ኣድራሻታት ናይ ኢንተርነት : www. bpa.ch - www.tcs.ch www. pipades.ch

**ንዕኡ ዝከውን ሰድያ ፡ ብጽቡቕ ዝተኣሰረ ቆልዓ፡ ብውሕስነት ይዝውር**

canton de vaud
LIBERTÉ ET PATRIE

Programme cantonal de promotion de la santé et
de prévention primaire enfants (0-4 ans) - parents

CMS AIDE ET SOINS À DOMICILE
CHUV
HEL
Section VD Ne Ju
Fédération Suisse de Sages-femmes
GPV
Groupement des Pédiatres Vaudois

canton de vaud
LIBERTÉ ET PATRIE

Programme cantonal de promotion de la santé et
de prévention primaire enfants (0-4 ans) - parents

CMS AIDE ET SOINS À DOMICILE
CHUV
HEL
Section VD Ne Ju
Fédération Suisse de Sages-femmes
GPV
Groupement des Pédiatres Vaudois